Gästrike återvinnare

# ሰላም!

ናብዚ ሓድሽ ገዛኹም እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም! ኵላትና ብሓባር ብምዃን ንኣካባቢና ዘላቒ ፍታሕ ንምርካብ ኣስተዋጽኦ ምእንቲ ክህልወና፡ ብሕጽር ዝበለ መልክዑ ዝተፈላለዩ እንጕሕፎም ነገራት ብኸመይ ኣገባብ ፈላሊና ነቕምጦም ብዝምልከት ክንሕብረካ ንፈቱ። ብግቡእ ፈላሊኻ ምቕማጦም ንጺጋታትና ብውሕሉል ኣገባብ ንኽንጥቀመሎምን፡ እንነብረሉ ከባቢ ድማ ንኹሎም ነበርቲ ምቹእ ክም ዝኸውን ኣብ ምግባር ትሕግዘና።

## ነቶም መዐሸጊታት ብኸምዚ ዝስዕብ ትፈላልዮም

ምስቲ እትነብረሉ ህንጻ ዝተሓሓዙ ናይ መግቢ ተረፍመረፍካ፣ከምኡ እውን ብወረቐት ዝተሰርሑ መዐሸጊታት፣ ፕላስቲክ፣ሓጺነ-መጺንን ጠራሙዝን ዝሕዙ ዝተፈላለዩ ኣጋንእ/ፊስቶታት ኣሎዉ።

እቲ መስርሕ ፈላሊኻ ምቕማጥ ብዝበለጸ ስሉጥ ንምግባሩ፡ ንስኻ እቲ መዐሸጊታት ኣብቲ ናይ ወረቓቕቲ፣ፕላስቲክ፣ ሓጺነ-መጺን ከምኡ እውን ጠራሙዝ ኣብ ነናቶም ገንኢ/ፊስቶ ከተቐምጦም እንክሎኻ እዩ። ሓደ መዐሸጊ ክበሃል እንክሎ ንብረት እትሕዘሉ፣ ንብረት ንኸይበላሾን ንብረት ካብን ናብን ንምጕዕዓዝ እንጥቀመሎም እዮም።

ንኣብነት ገለ መዐሸጊታት ንምጥቃስ፡ ባኮ ናይ ጸባ፣ንመተሓጻጸቢ ኣቑሑት ክሽነ ዝሕዙ ጠራሙዝን ናይ መግቢ ስቃጥላታት/ታኒካታትን እዮም። ኣቑሑት ንምሕጻብ ከም መፋሕፍሒ እንጥቀመሎም ስፖስላታት፣ ባኒ ክንሰርሕ እንክሎና ከም መንጸፍ እንጥቀመሎም ወረቓቕቲ ወይ ድማ ብራሻት መሕጸብ ኣስናንን ዝኣመስሉ ግን ከም መዐሸጊ ስለ *ዘይቍጸሩ* ኣብቲ ናይ መግቢ ተረፍመረፍ ዝእከብ ገንኢ/ፊስቶ ክቕመጡ ኣሎዎም።

ኣብቲ ገንኢ/ፊስቶ ቦታ ንምትእኽኻል ነቶም ከም መዐሸጊ ዘገልግሉ ባኮታትን ወረቓቕትን እንተጨፍለቕካዮም/እንተ እጽፋሕካዮምን ወይ ድማ ናእሽቱ ንዝኾኑ ኣብቶም ዕብይ ዝበሉ እንተ ኣኣተኻዮም ዝሓሸ እዩ። ወላ ነቶም ናይ ፕላስቲክ መዐሸጊታት እውን ከምኡ እንተገበርካዮም፡ እቶም ኣጋንእ/ፊስቶታት ትሕዝቶኦም ኣብ ዝራገፈሉ እዋን እቶም ረቓቕቲ/ፈኲስቲ ናይ ፕላስቲክ ቅንጥብጣባት ንፋስ ንኸብትኖም ዝወሓደ ተኽእሎ እዩ ዝህሉ።

## ተረፍመረፍ መግብኻ ብኸምዚ ዝስዕብ ፈላልዮ።

እቶም ናይ መግብኻ ተረፍመረፍ ብፍላይ ነቶም መመስሪሒ ባዮጋዝ ክሰማምዑ ተባሂሎም ዝተሰርሑ ቡናዊ ዝሕብሮም ናይ ወረቐት ከረጺታት ተእትዎም። ካብቲ ናይ መግቢ ተረፍመረፍ ባዮጋዝ ስለ እንምስርሕ፡ ፈስታል/ፕላስቲክ ዘይምጥቃም ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ድማ ብቐሊል ክሓቁ/ክሰባበሩ ስለ ዘይኽእሉ። እዞም ብወረቐት ዝተሰርሑ ከረጺታት ካብ መብዛሕትኦም መግቢ ዝሸጡ ድኳናትን ካብቲ ኵላትና እንጕሕፈሉ ክፍልታትን ክትረኽቡዎ ትኽእሉ። ፈሳሲ ናይቲ መግቢ ተረፍመረፍ ኣጸቢቑ ከምዝጸፍፍ ንምግባር፡እቲ ዘተንፍስ መትሓዚ ትጥቀም፡ ቀቀልጢፍካ መትሓዚ ትቕይር ክሳብ ¾ ጥራይ ብምምልኡ እቲ ከረጺት ንኸይጥልቕን ንኸይቅደድን ይሕግዝ። መትሓዚ የብልካን ዲኻ? ካብ ኵሎም እቶም ረሳይክሊንግ እንገብረሎም ማእከላትና ብናጻ ክትወስድ ትኽእል። ንኣካራይኻ እንተነገርካዮ እውን ክሕግዘካ ይኽእል።

ብግቡእ ዝሰርሕ ምፍልላይ ጒሓፋት ዝትሕዝቶኡ ሓበሬታ ዝሓዘ ጽሑፍ ኣቕሚጥናልካ ኣሎና። ከምኡ እውን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ኣቲኻ ርአ gastrikeatervinnare.se.

ብሓንሳብ/ብሓባር ብምኻን ብዝተኻእለ መጠን ነቶም እንጕሕፎም ነገራት ከምብሓድሽ ካልኦት ነገራት ንምምስራሖም ክንተሓጋገዝ ኣሎና። ንኣስተዋጽኦኻ ነመስግነካ። ኣበርክቶኻ ክቡር/ጠቓሚ ነገር እዩ!

ምስ ኣኽብሮታዊ ሰላምታ የስትሪከ ኦተርቪናረ Gästrike återvinnare




För en värld
som räcker längre

Box 722, 801 28 Gävle
Utmarksvägen 16
Tel 020-63 00 63
info@gastrikeatervinnare.se

